

# ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ባህልን (KULTURSKOLAN)

ብዛዕባ ሙዚቃ፡ ስነ-ጥበብ፡ ዘመናዊ ሰርከስ ትያትርን ክትፈልጡ ንእትግደሱ

መርበብ ሓበሬታ፡ UPPLANDSVASBY.SE/KULTURSKOLAN

Väsby

Upplands Väsby kommun

upplandsvasby.se
ቁጽሪ-ስልኪ 08-590 970 00

# ሙዚቃ – ስነ-ጥበብ – ዘመናዊ ሰርከስ – ትያትር

ባህላውን ስነ-ጥበባውን ፍልጠት ምምዕባል፡ ንህጻናትን ኮተቴን ከም ውልቀ-ሰባት ክዓብዩን ርእሰ-ተኣማንነቶም ከጎልብቱን ዝሕግዞም ቋንቋን መንጠሪ-ባይታን ይፈጥረሎም።

ኣብቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን ዝወሃብ ናይ ደርፊ፡ ሙዚቃዊ መሳርሒ፡ ስነ-ጥበብ፡ ዘመናዊ ሰርከስ ወይ ውን ናይ ትያትር ትምህርቲ ምስ እትሳተፉ፡ ቤት-ትምህርትና ባህላዊ ኣፍልጦኹም ከተማዕብሉ ትሕግዘኩም። እቲ ኣብዚ ቤት-ትምህርቲ ዝወሃብ ኮርሳት፡ በቶም ልዑል ስነ-ምምህርናዊ ትምህርቲ ዝዓጠቑ መምህራን እዩ ዝምራሕ። እቲ ዝወሃበኩም ትምህርቲ ምስ ዓቕምታትኩምን ድልየታትኩም ዝተቓነየ እዩ።

ሙዚቃ፡ ስነ-ጥበብ፡ ዘመናዊ ሰርከስን ትራትርን ምሉእ ዕድሜኹም ዘይፍለየኩም ዝምባሌ ክኸውን እዩ። ናባና ምስ ተጸንበርኩም፡ ኣብተን ጉጅሌታት ሓደስቲ መሓዙት ክትረኽቡን ክትድሰቱን ውን ኢኹም።

## ኣብዚ ኮርሳት ከም ክሳተፍ ይኽእል?

ኣብቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን ኮርሳት ንምስታፍ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከተማ ኡፕላንድስ-ቬስቢ ክትኮኑ ኣለኩም። ኩሉ እንህቦ ኮርሳት ነቶም ኣብ ክሊ ዕድመ ትምህርቲ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝዓለመ እዩ።

## ሙዚቃዊ መሳርሒ ምክራይ

ኣብተን ቀዳሞት 4 ክፍላ ትምህርቲ (ተርሚን) ምስ ዝህልወና፡ ብንፉስ ዝሰርሕን ዋጣ መሳሊ መሳርሒታት ምዙቃ ምክራይ ይከኣል እዩ።

## ዋጋ

ንዝኾነ እትመሃርዎ ኮርስ፡ ንምሉእ ክፍላ ትምህርቲ ዝዓምም ክፍሊት ትኸፍሉ። ነዚ ክፍሊት ካብታ ቀዳመይቲ ኣብ ኮርስ እትሳተፉላ መዓልቲ ክኽፈል ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍላ ትምህርቲ ኸኣ ክትከፍልዎ መኽፈሊ-ደብዳቤ (ፋክቱራ) ይለኣኸልኩም። ክራይ ሙዚቃዊ መሳርሕ ውን እንተኾነ ብኽፍላ-ትምህርቲ እዩ ዝኽፈል። ንተመሃሮ ሙዚቃ፡ ኖታን ካልእ መሰነይታ ንብረትን ኣብ ናይ ክፍላ-ትምህርቲ ክፍሊት ዝኣተወ ኣይኮነን። ተመሃሮ ስነ-ጥበብ ዘድልዮም መሳለጥያታት ኣብቲ ዝኸፍልዎ ናይ ክፍላ-ትምህርቲ ክፍሊት ዝኣተወ እዩ።

ናይ ትምህርቲ ቦታ ዝረኸበ ተመሃራይ፡ ክሳብ ንቤት-ጽሕፈት ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን (Kulturskolans expedition) ሓቢሩ ቦታይ ኣይደልዮን እየ ዝብል፡ ቦትኡ ሕዙእ ይኸውን። ቀቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ፡ ዝተዋህበካ ቦታ ኣይደልን እትብለሉ ናይ መወዳእታ ዕለት 15 ታሕሳስን 15 ግንቦትን እዩ።

## እቲ ትምህርቲ መዓስን ኣበይን እዩ ዝካየድ?

እቲ ዝበዝሐ ክፋል ናይ ትምህርቲ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትርን ምሸትን ኣብቲ መሲንገን ዝተሰምየ መምሃሪ ህንጻ ናይ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን እዩ ዝካየድ። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት፡ እቲ ትምህርቲ ኣብ እዋን ሰዓታት ስሩዕ-ትምህርቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲኹም ውን ክካየድ ይኽእል እዩ።

## ሕዉስ ዝኾነ ማእከል ንጥፈታት

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን ሕዉስ ዝኾነ ማእከል ትምህርቲ እዩ። ኣብዛ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ ሓደ ዓመተ-ትምህርቲ ጥራይ ብ50ታት ዝቑጸር ስነ-ጥበባዊ ምርኢታት፡ ኤግዚቢሽን ካልእ ዝተፈላለዩ ምርኢታትን ይካየዱ። ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክቐርቡ ባይታ ይረኽቡ። እዚ ላህመት ንጥፈታት ቤት-ትምህርትና ዝኾነ ባይታ እምበኣር፡ ንብዙሓት ተመሃሮ ተመኲሮታት ክድልቡን ነብሰ-ተኣማንነቶም ውን ከዕብዩን ይሕግዞም።

## ኣመሃህራ

እቶም ካልእ ዓይነት-ትምህርቲ ምስ ትያትር ሓዊሶም ዝመሃሩ ተመሃሮ፡ ኣብ ሓንቲ ምልእቲ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ብውሑዱ 26 ግዜ ናይ ትምህርቲ ፔረድ ይስረዓሎም። እቲ ፔረድ ንዝተፈላለየ ቴማታት ወይ ኣርእስቲታት ዝድህስስ ዝተፈላለየ ገጻት ዘለዎ ክኸውን ይኽእል። ገለ ካብቲ ዝገለጽናዮ 26 ፕሬዳት፡ ብመልክዕ ውልቃዊ ተሳትፎ ኣብ ተዋስኦ/ምርኢት ክካየድ ይኽእል።

ሕውስዋስ ሙዚቃ ዝመሃሩ ተማሃሮ (Musikmix-elever) ኣብ ሓንቲ ምልእቲ ዓመተ-ትምህርቲ፡ 24 ግዜ ናይ ትምህርቲ ፔረድ ይምደበሎም። ተማህሮ ስነ-ጥበብ ከኣ፡ 24 ግዜ ናይ ትምህርቲ ፔረድን፡ ምርኢትን ምኽፋት ኤግዚቢሽንን ይመደበሎም።

## ንኽመሃር ምእንቲ ብኸመይ ክምዝገብ ይኽእል?

ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ upplandsvasby.se/kulturskolan ብምእታዉ ኣብቲ ተመዝገብ (Anmälan) ዝብል ዘሎ ጠውቑ።









# ዓይነታት ትምህርቲ

## ደርፊ

ድምጺኹም (ጒረሮኹም) ክትስሕሉ ንእትደልዩ። ናይ ጒረሮ ቴክኒክ ኣደማምጻን ዝተፈላለዩ ቅዲታትን ትመሃሩ።
እቶም ኣብ ዝኾነ ካልእ ኮርስ ዝሳተፉ ሰባት፡ ኣብ ምዝማር ብነጻ ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።
መዝሙር:
ሲ-ክላቨን (C-klaven): ካብ 1ይ ክሳብ 3ይ ክፍሊ ንዘለዉ ተመሃሮ።
ላርኩርና (Lärkorna): ካብ 4ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ ንዘለዉ ተመሃሮ።
መዝሙር (Sång): ካብ 5ይ ክፍሊ ንላዕሊ ንዘለዉ ተማሃሮ።

## ሕውስዋስ ሙዚቓ (MUSIKMIX)

**ን2ይ ክፍሊ ዝኾኑ ተመሃሮ**

ረምታ፡ መዝሙር ብመልክዕ ጸወታ ዝካየድ ምውዝዋዛትን ምስ መሰረታት ሙዚቃ የላልየካ። እቲ ትምህርቲ፡ ድሕሪ ስሩዕ ሰዓታት ትምህርቲ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ እትመሃሩላ ቤት-ትምህርቲ ወይ ውን ኣብ መምሃሪ ህንጻ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን፡ ብመልክዕ ጉጅሌ (10 ክሳብ 15 ተመሃሮ) እዩ ዝካየድ። ኣብ ሓንቲ ክፍላ ትምህርቲ ወይ ትረሚን ከኣ 12 ግዜ ይካይድ።

## ሕውስዋስ ሙዚቓ (MUSIKMIX) – ብራስ ዝተሰምየ ዓሌት ሙዚቃዊ መሳርሒ

**ን2ይ ክፍሊ ዝኾኑ ተመሃሮ**

ረምታ፡ መዝሙር ብመልክዕ ጸወታ ዝካየድ ምውዝዋዛትን ምስ መሰረታት ሙዚቃ የላልየካ። ቀንዲ ኣድህቦና ኣብቲ ብራስ ዝተሰምየ ዓሌት ሙዚቃዊ መሳርሒ ኮይኑ፡ ትራምፔት፡ ትሮምቦን ጥሩምባን ምጽዋት ትላማማዱ። እቲ ትምህርቲ፡ ድሕሪ ስሩዕ ሰዓታት ትምህርቲ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ እትመሃሩላ ቤት-ትምህርቲ ወይ ውን ኣብ መምሃሪ ህንጻ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን፡ ብመልክዕ ጉጅሌ (10 ክሳብ 15 ተመሃሮ) እዩ ዝካየድ። ኣብ ሓንቲ ክፍላ ትምህርቲ ወይ ትረሚን ከኣ 12 ግዜ ይካይድ።

## ዓሌት ዋጣ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት

**ካብ 3ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ብዓሌት ዋጣ ዝኾነ ሙዚቃዊ መሳርሒ፡ ሓደ ሰብ፡ ኩሉ ዓይነታት ናይ ባህላዊ ይኹን ክላሲካል ሙዚቃ ክጻወት ይኽእል። ከተማዕብልዎ እትደልዩ ዝስሕበኩም ሙዚቃዊ መሳርሒ ኣየናይ ምዃኑ ንምፍላጥ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ክፍላ-ትምህርቲ፡ ኩሉ ዓሌት ዋጣ ዝኾነ ሙዚቃዊ መሳርሒታት ክትፍትኑ ዕድል ይወሃበኩም። ቫዮሊን፡ ቪዮላ (ጭራዋጣ፡ ካብ ቫዮሊን እትዓቢ ድብን ዝበለ ድምጺ ዘለዋ)፡ ቸሎ ወይ ውን ባስ (ትሑት ዜዜምኡ ጊታር) ክትመርጹ ትኽእሉ። ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ትመሃሩ። እታ ሓንቲ ኣብ ንእሽቶይ ጉጅሌ ኮይንኩም ክትመሃርዋ እንክለኹም እታ ካልኣይቲ ከኣ፡ ኣብ ኦርከስትራ ተጸንቢርኩም ትመሃርዋ። ዓበይቲ ሙዚቃዊ መሳርሒታት ምጽዋት ክሳብ እትጅምሩ፡ ክትካረይውን እትኽእሉ ነኣሽቱ ዕሌት ዋጣ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት ኣለዋ።

## ዓሌት ሻምብቖ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት

**ካብ 3ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ዓሌት ሻምብቆ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ሙዚቃዊ ቅዲታት ይሕወሱ እዮም። ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ትመሃሩ። እታ ሓንቲ ኣብ ንእሽቶይ ጉጅሌ ኮይንኩም ክትመሃርዋ እንክለኹም እታ ካልኣይቲ ከኣ፡ ኣብ ኦርከስትራ ተጸንቢርኩም ትመሃርዋ። ኣብ ቤት-ትምህርቲና ካብተን ዘለዋና ትሽዓተ ዓሌት ዋጣ ዝኾነ ሙዚቃዊ መሳርሒታት ሓንቲ ክትመርጹ ትኽእሉ። እዘን ትሽዓተ መሳርሒታት ከኣ፡ ሻምብቆ (Blockflöjt) ሻምብቆ (tvärflöjt) ክላሪነትን ሳክስፎንን (ናይ ዕንጸይቲ ሻብቆ ተባሂሉ ውን ዝጽዋዕ)፡ ትራምፐት፡ ጥሩምባ ፈረንሳ፡ ባሪቶን ከምኡ ውን ጥሩምባ ባስ (ሙዚቃዊ መሳርሒ ባስ ተባሂላ ውን እትጽዋዕ) እየን። ኣብተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ክፍላ-ትምህርቲ ዓሌት ሻምብቆ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት ምክራይ ይከኣል እዩ።

## ኣውታር ዘለዎም ሙዚቃዊ መሳርሒታት

**ካብ 3ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ጊታር፡ ናይ ኤለክትሪክ ጊታርን ባስን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቅዲታት ሙዚቃ፡ ከም ባህላዊ ሙዚቃ፡ ሮክ፡ ፖፕን ጃዝን፡ ዝዋስኡ ሙዚቃዊ መሳርሒታት እዮም። ብጉጅሌ ወይ ውን ብውልቂ ኣብ ዝወሃብ ትምህርቲ ከምኡ ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ውህደት ሙዚቃ ማእከል ዝገበረ ጸወታታት ትሳተፉ። ኣውታር ዘለዎም ሙዚቃዊ መሳሒታት ምክራይ ይከኣል እዩ።

## ፒያኖ/ኪቦርድ

**ካብ 3ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ፒያኖ፡ ምስ ካልእ ሙዚቃዊ መሳርሒ ኮይና ብሓባር ወይ ውን ብውልቂ ከተግልግል እትኽእል፡ ኣብ ኩሉ ሙዚቃዊ ተረኽቦታት ዘይትጠፍእ፡ ሙዚቃዊት መሳርሒ እያ። ኪቦርድ ከም ፒያኖ፡ ኣዝያ ብልጽቲ ዝኾነ ኣሰናይት-ሙዚቃ ዝኾነት መሳርሒት እያ። ኩሉ`ቲ እተጠቓልሎ ድምጽን ቅኒታትን ምስ እንርኢ ኸኣ፡ ፒያኖ ኣብ ቅዲ-ጸወታታት ሮክን ፖፕን እትሕዞ ቦታ ኣዝዩ መወዳድርቲ-ኣልቦን ዓብን እዩ። ኣብ ናይ ፒያኖ ትምህርቲ ንምስታፍ፡ ናይ ውልቅኹም ፒያኖ ክህልወኩም ኣለዎ።

## ዓሌት ከበሮ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት

**ካብ 3ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ዓሌት ከበሮ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒ (Slagverk) ብዙሕ መሳርሒታት የጠቓልል። ንኣብነት፡ እኩብ ከበሮ (Trumset)፡ ብኢድ ዝውቃዕ ነዊሕ ከበሮ (congas) ቲምፖና (pukor)፡ መውቕዒ ከበሮ (ዛይለፎን፡ ማሪምባ፡ ካሪሎን)። እብ እዋን ትምህርቲ :ንመብዛእታኦም እዞም ዝተጠቐሱ ሙዚቃዊ መሳርሒታት ክትላለይዎም ኢኹም። ከም ተመሃሮ ናይዞም መሳርሒታት መጠን፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ትመሃሩ። እታ ሓንቲ ኣብ ንእሽቶይ ጉጅሌ ኮይንኩም ክትመሃርዋ እንክለኹም እታ ካልኣይቲ ከኣ፡ ኣብ ኦርከስትራ ናይ ቤት-ትምህርቲና ተጸንቢርኩም ትመሃርዋ። ኣብዚ ኮርስ ክትሳተፉ ምስ እትደልዩ፡ ናትኩም ዕስለ-ከበሮ ምስዝህልወኩም ሓጋዚ እዩ።

## ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ሙዚቃ

**ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

እዚ ትምህርቲ'ዚ ነቶም ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠቶም ከዕምቑ ዝደልዩ ወይ ውን ናብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ሙዚቃ ቅድሚ ምጅማሮም ነቲ ዝግበር መእተዊ ፈተና ንምሕላፍ ክዳለዉ ዝደልዩ ሰባት፡ ዝሕግዝ ኮርስ እዩ። እቲ ትምህርቲ ብጉጅሌ





መልክዕ ዝካየድ ኮይኑ፡ ነቶም ኣብ ቤት-ትምህርትና ካልእ ኮርሳት ዝመሃሩ ተመሃሮ ኸኣ፡ ብነጻ ዝወሃብ እዩ።

## ዕሙቕ ዝበለ ናይ ሙዚቃ ኮርስ

**ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ነዓኹም ነቶም ልዕል ዝበለ ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ ንምምሃር እትሓስቡ ተመሃሮ። ኣብዚ ትምህርት`ዚ ኣብ ንውሕ ዝበለ ናይ ምጽዋት መሳርሒታት/ምዝማር ከምኡ ውን ክልስ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ሙዚቃ ትሳተፉ። ኣብ ሓደ ጉጅሌ ወይ ውን ኣብ ኦርከስትራ ውን ክትጽንበሩ ኣብዚ ኮርስ እዚ ኣዝዩ ውሱን ቦታታት ስለዘለና፡ ከም መፍለዩ እንጥቀመሉ ናይ ምጽዋት መሳርሒ ሙዚቃ ወይ ምዝማር ፈተና ነካይድ ኢና። ኣብዚ ኮርስ ናይ ምምዝጋብ ዕድመ ነቶም ኣብ 7ይ ክፍሊ ዝመሃሩ ተመሃሮ ይለኣኽ። ኣብ ኩሉ ክፋላት ናይዚ ኮርስ ንምስታፍ፡ ዘድሊ ግዜ ከተወፍዩ ድሉዋት ክትኮኑ ኣለኩም። ብዜካ`ዚ ከም ቅድመ-ኩነት ውን፡ ኣብ ዓመት ብውሑድ ኣብ ክልተ ምርኢታት ክትሳተፉ ክትክእሉ ኣለኩም።

## ናይ ስቱድዮ ቴክኒክ

**ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ኣብ ብዙሕ ቻነላት ዘለዎ ዲጂታላዊ ስቱድዮ ሙዚቃ ምቕራጽ ትመሃሩ።

## ድርሰት ደርፊ

**ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ናይ ባዕልኹም ደርፊታት ክትደርሱን ሙዚቃዊ ትሕዝቶኡ ውን ከተቑሙን ዝሕግዘኩም ትምህርቲ ትመሃሩ።

## ናይ ተውህቦ ፋብሪካ

**ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ከምቶም ኣብ ቴለቪዥን ዝቕልቀሉ ደሓር ውሩያት ዝኾኑ ስነ-ጥበባውያን፡ ኣብዚ ፋብሪካ ተውህቦ ከም ደረፍትን ደረስቲ ደርፍን ናይ ምምዕባል ዕድል ኣለኩም። ደርፊታት ምቕራጽ ትመሃሩን ኣብ ሙዚቃ-ዓለም ውን እግሪኹም ደልዲልኩም ክትረግጹ ዝሕግዘኩም ዓቕሚ ተጥርዩን።

## ብቪድዮ ዝተሰነየ ሙዚቃ

**ካብ 7ይ ክፍሊ ንላዕሊ ዝርከቡ ተመሃሮ**

ብቪድዮ ዝተሰነየ ሙዚቃ ምቕራጽ ትመሃሩ። ቀረጻ ፊልምን ኢዲቲንን ትመሃሩ። ኣብ ስቱድዮና እግሪ ዘትክል ሓገዝ ይግበረልኩምን ነጻ ኮይንኩም ውን ንበይንኹም ትሰርሑን።

## ብፒያኖ ባዕልኹም እንዳተጻወትኩም ድረፉ

**ካብ 1 ክሳብ 3ይ ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ንዝርከቡ ተመሃሮ**

መሰረታዊ ፍልጠት መሳርሒ ኦኮርድዮን ትመሃሩ ወይ ውን ናይ ቀደም ፍልጠትኩም ተዕብዩ። እቲ ትምህርቲ ምዝማርን ምጽዋት ሙዚቃን ዝዓብለለኦ ኮይኑ፡ ብመልክዕ ጉጅለ ይካየድ።

## ኦርከስትራ፡ መዝሙር፡ ውህደት

እቶም ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮ፡ ኣብ ናይ ኦርከስትራ፡ መዝሙርን ውህደትን ኮርሳት ብነጻ ክሳተፉ ይኽእሉ። ሙዚቃ ብሓባር ኮይንካ ምዕያይ ንምምሃር ናይ ተመሃሮ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ ንሕና ውን ክዝውትሮ እንተባብዖ ጉዳይ እዩ። ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ባህልን፡ ዝተፈላለዩ ሙዚቃዊ ጉጅሌታት ሓቝፋ ትርከብ፡- ጉጅለ ኦርከስትራ ዓሌት ዋጣ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት፡ ጉጅሌ ኦርከስትራ ዓሌት ሻምብቆ ዝኾኑ ሙዚቃዊ መሳርሒታት፡ ጊጅለ ባህሊ፡ ናይ ፖፕን ሮክን ጉጅለ፡ ናይ ባህላዊ ደርፊታት ጉጅለ፡ ናይ ኦርጋኒስታ ጉጅለ፡ ናይ ጊታር ጉጅለ፡ ናይ ከበሮታት ጉጅለ፡ ናይ መዝሙ ጉጅለ ካልእን። ኣብዚ ጉጅለ ክጽንበር እደሊ ዝብል ሓሳብ ምስ ዝህልወኩም፡ ኣብ ቃሕታኹም ተመርኲስና ክንምደብኩም ንኽእል ኢና። ኣየናይ ሙዚቃዊ መሳርሒ ትጻወቱ ብዘየገድስ ኣብቲ ናይ ቤት-ትምህርትና ናይ ሮክ ጉጅለ ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ስነ-ጥበብ

**ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ ንዝመሃሩ ተመሃሮ**

ብሕብሪ፡ ቅርጺታት፡ ሕንጻጻት፡ ቃላትን ጸወታታን ኣቢልና ንዓለም ክንድህስሳ ንበቅዕ ኢና። ምስ ካልኦት ኮይንካ ብሓባር ምብልሓት ተወሳኺ ባህታ ዝፈጥር ነገር እዩ።  ኣብዚ ናይ ስነ-ጥበብ ኮርስ፡ ዝተፈላለዩ መግለጺታት ከም ቅብኣ፡ ስነ-ውቕሮ፡ ምስኣልን ኮላዥን ካልእን ክንፍትን እንከለና፡ ዝተፈላለዩ ነገራትን ቴክኒካትን ንጥቀም። ኣብዚ ኮርስ ናይ በይንና ፋንታዝያዊ ስእሊ ምርኩስ ጌርና ንዋሳእ እኳ እንተኾና፡ ሓደ ነገር ብልክዕ ከመይ ይመስል ንምቕራጹ ዘኽእለና ናይ ምርኣይ ልምምድ ውን ንገብር ኢና። ሓንቲ ፔረድ 90 ደቂቕ ኮይና፡ ኣብ ዓመት 24 ፔረዳት ኣለዋ። ምርኢትን ምኽፋት ኤግዚቢሽን ውን የጠቓልል እዩ።

## ትያተር

**ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ክፍሊ ንዝመሃሩ ተመሃሮ**

እንዳተጻወትና ትያትር ንፈጥር። ኣዛናዪ ዝኾነ ልምምድ ትያትር ምስ ተደጋጋሚ ተዋስኦ ተሓዊሱ ይቐርብ። እቶም ተመሃሮ ባዕሎም እዮም ንትሕዝቶ ናይቲ ተዋስኦ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ዝመርጹ። እቲ ቀንዲ ዕላማ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ናይ ኣለባብሳን መድረኽን ምርኢት ምቕራብ እዩ። ንውሓት ፔረድ 60 ደቃይቕ ኮይኑ ኣብ ዓመት 26 ፔረዳት ኣለዋና።

## ዘመናዊ ሰርከስ

**ካብ 1ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ንዝመሃሩ ተመሃሮ**

ንዘመናዊ ሰርከስ ብዝምልከት፡ ከም መርገጺ ዘለዎ ሰለል ቴራጽጽ፡ ዓለባ፡ ምውርዋር (ጆኮሌረ)፡ ኣክሮባቲክንስ ጂምናስቲካዊ ምንቅስቓን፡ ኣብ ገመድ ደው ምባል (ሚዛን ምሕላው) ግሎብን ዝኣመሰሉ ድሲፕሊናት ንድህስስ። እቲ ትምህርቲ ብኽልተ መምህራን ይምራሕ። ከም ኣካል ናይዚ ኮርስ ቀንዲ ልምምድ እንገብረሎም ኣርእስታት፡ ሚዛን ምሕላው፡ ምድግጋፍን ትኹረትን እዮም። ኣብትን ብዕድመ ዕብይ ዝበሉ ተመሃሮ ዝሳተፉለን ጉጅሌታት፡ ህጻናት ንውልቃዊ ምዕባሌኦም ዝምልከት እኹል ቦታ ይወሃቦም። ካብዚ ወጻኢ፡ ብውልቂ ወይ ውን ብጉጅሌ ተኣኪብና ንነጥፍ።

# KONTAKT

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን ኣዝዩ ንጡፍን ተገ‌ጋጋፍን ዝኾነ ናይ ተመሃሮ ማህበር ኣለዋ። እቲ ማሕበር ኣብ ከም ቅድመ-ምድላውት ንጥፈታት ካምፒን ከምኡ ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ተረኽቦታት ይተሓጋገዝ። ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃን ስነ-ጥበብን፡ መወከሲ ሓበሬታ ወይ ኣድራሻ ናይዚ ኮምፐት ዝተሰምየ ማሕበር ተመሃሮ ኣለኩም። ኮምፐት ምስ ሃገራዊ ማሕበር ሙዘቀኛታት (Riksförbundet Unga Musikanter (RUM) ምትእስሳር ዘለዎ ማሕበር እዩ።

**እንርከበሉ ኣድራሻ:** Messingen (plan 2), Love Almqvists torg 1
**መርበብ-ሓበሬታ:** upplandsvasby.se/kulturskolan
**ኢ-መይል:** kulturskolan@upplandsvasby.se

**www.upplandsvasby.se/kulturskolan**

Upplands Väsby kommun

upplandsvasby.se • 08-590 970 00

UPPLANDS VÄSBY KOMMUN. KOMMUNIKATIONSENHETEN. 2017-01-18, 2000 EX.